# ንኣቑሑ ገዛ ዝኸውን ልቓሕ ገንዘብ

CSN FAKTABLAD 2012 TIGRINJA

## መን ንምንታይ ይልቃሕ?

ዑቕበኛታትን ገለ ካልኦት ደቂ ወጻኢ.ን፣ መቐመጢ ቤት ረኺቦም ምስ ዚግዕዙ፣ ልቓሕ ኣቍሑ ገዛ ንምርካብ ምልክታ ከእትዉ ይኽእሉ እዮም። ልቓሕ ንኽፍቀደልካግን፣ ኣብቲ መደብ ምቕባል ስደተኛታት እትው ክትከውንን፣ ኣብቲ ናይ መጀመርታ ኣብ ሓደ ኮሙን ቅቡል ዝኾንካሉ ጊዜ'ውን፣ ዕድሜኻ 18 ዓመት ዝመላእካን ምኻን የድሊ።.

ንኣቕሑት ገዛ ዝኸውን ልቓሕ ገንዘብ ዚፍቀደልካ፡ ኣቕሑ ናብ ዘይብሉ ገዛ ምስ ትግዕዝ፡ ወይ ኣቕሑ ናብ ዘለዎ ገዛ ምስ ትግዕዝ፡ ወይ ውን ናብ ሓደ ክፋል ናይ ሓደ ስድራ ቤት ከም ተኻራያይ ኴንካ ምስ ትግዕዝ እዩ። ናይ ኣቕሑ ገዛ ልቓሕ፡ ንናይ ኽሽነን ንዓበይቲ ኣቕሑ ገዛን ተባሂሉ ዝወሃብ ልቓሕ ገንዘብ ድኣ እምበር፡ ንኻልእ ልሙድ መዓልታዊ መነባበሪ፡ ማለት ንመግቢ ወይ ንክራይ ዝውዕል ኣይኮነን።

## መዓስ ክትልቃሕ ትኽእል?

እቲ ናይ ልቓሕ ምልክታ፡ ካብታ መጀመርታ ናብ ኮሙን ዝግዓዝካላ ዕለት ጀሚሩ፡ ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ኪቐርብየድሊ። እዚ ሕጊ ዚ ዋላነቲ ንመመላእታ ልቓሕ እተእትዎ ጽሑፍ'ውን ይምልከት እዩ።

## ብዝሒ ልቓሕ ገንዘብ

ብዝሒ ናይቲ ልቓሕ ገንዘብ ኪውሰን ዝኽእል፡ ብዝሒ ኣባላት ናይ ስድራ ቤት፡ ከምኡ'ውን እቲ እትካረዮ ገዛ፡ ኣቑሑ ዘለዎ ወይ ዘይብሉ ምኻኑን፡ ተመርሚሩ ኢ.ዩ። እቲ ዘሎካ ውልቃዊ ንብረት'ውን ኣብ ግምት ይኣቱ እዩ። ካብቲ ዚፍቀደልካ ብዝሒ ገንዘብ ንታሕቲ ክትልቃሕ ትኽእል ኢ.ኻ። ኣገባብ ኣገማምታ ልቓሕ ድማ በዚ ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሩ ዘሎ መምርሒ እዩ።

| ብዝሒ ስድራ | ኣቕሑ ንዘይብሉ | ኣቕሑ/ ንዘልዎ |
|---|---|---|
| 1 | 15 000 | 5 000 |
| 2 | 20 000 | 5 000 |
| 3 | 25 000 | 5 000 |
| 4 | 30 000 | 5 000 |
| 5 | 35 000 | 5 000 |

## ናይ ልቓሕ ምልክታ ብኸመይ ተእቱ?

ኣብቲ ዘለኻዮ መዕቆቢ ስደተኛታት ምስ ዚርከብ ፈጻሚ ጉዳይካ፡ ወይ ኣብቲ ናይ ኮሙን ምምሕዳር ስደተኛታት ዘሎ ወኪል ርክባት ምስእትማያየጥ፡ ዝያዳ ሓበሬታ ኪህቡኻን፡ ነቲ ናይ ልቓሕ ገንዘብ ምልክታ፡ ብኸመይ ከም እትመልኦ ኪሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም። ብደሕሪኡ ነቲ ዝተመልአ ምልክታ ባዕላቶም ናብ CSN ክሰድዎ እዮም።

## ወሰኽ ልቓሕ ይፍቀድዶ?

ነቲ ቀድሚ ሕጂ ዝተፈቐደልካ ልቓሕ፡ መመላእታ ዝኸውን ተወሳኺ ገንዘብ ክትልቃሕ ምስ ትደሊ፡ ምልክታ ከተእቱ የድሊ። ኪፍቀደልካ ዝከኣል ድማ፡

- ቀድሚ ሕጂ፡ ካብቲ ዝፍቀደልካ ልቓሕ ዝውሓደ ወሲድካ ምስ ትጸንሕ'ሞ፡ ምስቲ እዋናዊ ብዝሒ ስድራቤት ዝመጣጠን ክትልቕሖ ዝፍቀደልካ ልቓሕ፡ ክብ ከተብሎ ምስ እትደሊ።
- ካብ ኣቕሑ ዘለዎ ክራይ ገዛ፡ ናብ ኣቕሑ ዘይብሉ ክራይ ገዛ ምስ ትግዕዝ
- ኣብ ሽወደን ቆልዓ ምስ ትወልድ
- ካብቲ ኮሙናዊ ናይ ስደተኛታት ምቕባል መደብ እትዋወት ዝኾኑ ኣባላት ስድራ ቤት ምስ ዝውሰኹኻ እዩ።

ከም ናይ ቀረባ ስድራቤት ዝቝጸሩ፣ ሰብኣይ/ሰበይቲ/ብሓደ ነበርቲ ከምኡውን ትሕቲ 21 ዓመት ዝዕድሚኦም ውላድ እዮም:: ንሰብ ሓዳር ወይ ብሓደ ነበርቲ፣ ናይ ሓባር ዝኾነ ልቕሕ እዩ ዝፍቀደሎም።

ሓደ ካብ ሰብ ሓዳር ወይ ብሓደ ነበርቲ ብምጽኡ ምኽንያት፣ ተወሳኺ ልቓሕ ምስ ዚፍቀደልኩም፣ ነቲ ምሉእ ልቓሕ ናይ ምኽፋል ድማ ሓባራዊ ሓላፍነት ኣሎኩም።

## ክፍሊት ንመሳለጢ ልቓሕ

ናይቲ ጉዳይ መሳለጢ ተባሂሉ፡ ካብቲ ዝፍቀደልካ ልቓሕ ክትቅበሎ ከሎኻ፡ 300 ክራውን ክጎድለካ እዩ። ንመመላእታ ልቓሕ'ውን ብተመሳሳሊ ኣገባብ 100 ክራውን ይጎድለካ።

## ኣገባብ ኣከፋፍላ ከመይ ይመስል?

ኣከፋፍላ ልቓሕ ብስዊድ-ባንክ ይፍጸም። እቲ ኣከፋፍላ ገንዘብ ብኽልተ መንገዲ ክካየድ ይኽእል።

- *ብናይ ስዊድ-ባንክ መኽፈሊ ወረቐት። እዚ ሓደ ዓይነት ቸክ ኮይኑ፡ ኣብ ስዊድ-ባንክ ኬድካ ዝሽረፍ እዩ።*
- *ኣብ ናትካ/ኪ ሕሳብ። እዚ ኣብ ስዊድ-ባንክ ዘሎ ሕሳብ፡ ወይ ውን ኣብ ካልእ ባንክ ዘሎ ሕሳብ ማለት እዩ።*

*እቲ ገንዘብ ናብ ናትካ/ኪ ሕሳብ ክኣቱ ምስ እትደሊ፡ እቲ ዘለካ/ኪ ሕሳብ ባዕልኻ/ኺ ምስ ናይ ስዊድ-ባንክ መኽፈሊ-ሲስተም (SUS) ከም ዝውሃሃድ ክትገብር/ሪ ኣለካ/ኪ።*

ኣብቲ ገንዘብ ዝኽፈለሉ ግዜ እቲ ናይ ሕሳብ ምውህሃድ ዘይተተግበረ ምስ ዝኸውን፡ ወይ ውን ሲ.ኤስ.ኤን (CSN) ናይ'ቲ ተቐባል ገንዘብ ምሉእ ናይ መንነት ቑጽሪ ምስ ዘይህልዎም፡ እቲ ገንዘብ ብናይ ስዊድ-ባንክ መኽፈሊ ወረቐት ይኽፈል።

## ዕዳ መዓስ ይኽፈል?

ዕዳ ምኽፋል እትጅምረሉ ግዜ፡ ካብቲ መጀመርታ ልቓሕ ዝተቐበልካሉ ዕለት፡ ልክዕ ክልተ ዓመት እትመልኣላ ወርሒ እዩ።.

ሰብ ሓዳር ወይ መቓምጥቲ ኴንኩም፡ ናይ ኣቕሑ ገዛ ልቓሕ ገንዘብ ብሓባር እንተ ተፈቒደልኩም፡ ናይ ሓባር ዝኾነ ናይ ምኽፋል ሓላፍነት ድማ ኣለኩም።

ዕዳኻ ከፊልካ እትውድኣሉ ካብ 1 ክሳዕ 15 ዓመት ኮይኑ፡ እቲ ኣከፋፍላ ዝውሰን ከምዚ ኣብ ታሕቲ ተመልኪቱ ዘሎ፡ ከከምቲ ብዝሒ ዕዳኻ እዩ።

| | ብዝሒ ልቓሕ | ዓመታት |
|---|---|---|
| < | 10% *መገምገሚ እቶት* | 1 |
| < | 40% *መገምገሚ እቶት* | 3 |
| < | 80% *መገምገሚ እቶት* | 5 |
| < | 100% *መገምገሚ እቶት* | 7 |
| < | 110% *መገምገሚ እቶት* | 8 |
| < | 120% *መገምገሚ እቶት* | 10 |
| > | 120% *መገምገሚ እቶት* | 15 |

(ኣብ 2012 ከም *መገምገሚ* እቶት ዚሕሰብ 44 000 ክራውን እዩ።)

## ወለድ ናይ ልቓሕ ብኸመይ ይጽብጸብ?

እቲ ዝኽፈል ወለድ ኣብ ዓዓመት ብመንግስቲ እዩ ዝውሰን። እቲ ወለድ ክሕሰበሉ ዝጅምር ግዜ ድማ፡ ካብታ ገንዘብ ዝተቐበልካላ መጀመርታ መዓልቲ እዩ። ናይተን ክልተ ዕዳ ምኽፋል ዘይትጅምረለን ዓመታት ወለድ ተጸብጺቡ፡ ኣብቲ ምኽፋል እትጅምረሉ ግዜ ምስቲ ዕዳኻ ይድመር። ናይቲ ጠቕላላ ድምር ዕዳ ድማ ወለድ ምኽፋል ትጅምር።

ናይ 2012 ዓ.ም. ወለድ 3.65% እዩ።

## ዕዳ ብኸመይ ይኽፈል?

ኣገባብ ኣከፋፍላ ዕዳ ኣብ ወወርሒ እዩ ዝግበር። እዚ CSN ዝተባህለ ቤት ጽሕፈት'ዚ፡ ኣብ ሰሰለስተ ወርሒ፡ ዝኽፈል ዝብል ነንወርሑ እትጥቀመሉ መኽፈሊ ወረቐት ይልእኸልካ። ንነፍሲ ወከፍ ክፈል ዝብል ዝመጸካ መልእኽቲ፡ 30 ክሮነር የኽፍል። ገንዘብ ኣብቲ ዝተወሰነልካ ግዜ ናብ CSN ምስ ዘይትኸፍል፡ ኣብቲ ዝቕጽል ወርሒ መዘኻኸሪ ወረቐት ይልኣኽልኻ። ንነፍሲ ወከፍ መዘኻኸሪ ወረቐት መልእኽቲ ድማ፡ 50 ክራውን ትኸፍል።

እቲ ኣገባብ ኣከፋፋል ከምዚ ዝስዕብ ኢ.ዩ፦ ብቐዳምነት ነቲ ዝተረፈካ ወይ ውንዙፍ ዘሎ ናይ ክፍሊት ዕዳ ትኸፍል። ብደሕሪኡ እቲ ክትከፍሎ ዝግብኣካ ወለድ ትኸፍል። ቀጺሉ ድማ እቲ ቀንዲ ናይቲ ልቓሕ ዕዳ እናበለ፡ ብቕደም ተኸተል ኢ.ኻ ትኸፍል።

CSN 4001O/1112

## ኣቐዲምካ ብድሌትካ ምኽፋል

ኣቐዲምካ ብድሌትካ ዕዳኻ ክትመልስ ምስ ትደሊ፡ ትኽእል ኢኻ። እቲ ብድሌትካ እትኸፍሎ ዕዳ፡ ብ ባንክጂሮ ቁጽሪ 5201-1053 ወይ ፖሉስጂሮ ቁ. 4765101-3 ኣቢልካ ትኸፍሎ። ኣስተውዕል!! ኣብቲ መኽፈሊ ወረቐት ስምካ፡ ኣድራሻኻ ከምኡውን ናይ ዕዳኻ ቁጽርን፡ ናይ መንነትካ ቁጽርን (ፐርሶንኑመር) ክትጽሕፈሉ፡ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ብኢንተርነት ክትከፍሉ እንተድኣ ደሊኹም፡ ካብ CSN ዝጥለብ ሓደ OCR nummer ዝበሃል ክጥቀሙ ኣለኩም።

## ምኽፋል ምስ ዘይትኽእል?

እቶትካ ትሑት ኮይኑ፡ ዕዳ ናይ ምኽፋል ጸገማት ምስ ዘጓንፈካ፡ እቲ ዕዳ ምኽፋል ምጅማር ክጸንሓልካ ወይ እቲ በብእዋኑ እትኸፍሎ ገንዘብ ክጎድለልካ፣ ምልክታ ከተእቱ ትኽእል ኢኻ። እዚ ዕዳ ንምኽፋል ጠጠው ንኽብለልካ እትመልኦ መመልከቲ ወረቐት፡ ምስቲ ቐዳመይቲ ክፈል እትብል ወረቐት ተተሓሒዙ ክለኣኽልካ እዩ።

ሲ.ኤስ.ኤን. (CSN) ንኽጎድለልካ ወይ ናይ ዕዳ ምኽፋል መናውሒ ጊዜ ንኽፈቕደልካ ኣብ ዝውስነሉ ጊዜ፣ ብዝሒ ኣባላት ስድራቤትን፣ እቲ ግብሪ ዚኽፈሎ ጠቕላላ እቶቶምን፣ ኣብ ግምት የእቱ እዩ።

እቶም ዕዳ ኣብ ምኽፋል ምጅማር ጠጠው ክብሉ ዝተፈቕደሎም ወይ ናይቲ ብእዋኑ ዝኽፈል ዕዳ ምጉዳል ዝተፈቕደሎም ሰባት፡ እቲ ኣብቲ ውሽጢ ዓመት ክኸፍልዎ ዝነበሮም ወለድ እናተዋህለለ፡ ኣብቲ ዕደኦም ተወሳኺ እዩ ዝኸውን። ዕዳኻ ምኽፋል ካብ ምጅማር ጠጠው ኣቢልካ፡ እቲ ዕዳኻ ተዋህሊሉ ኣጸቢቑ ክብ ይብል። ውሕድ ዝበለ ገንዘብ ጥራይ ክትከፍል ክፍቀደልካ ክትሓትት ዕድል ኣሎ።

ኣብ ወጻኢ ዝቕመጥ ሰብ፡ ዕዳ ምኽፋል ካብ ምጅማር ጠጠው ክብለሉ ከመልክት ንዝደሊ፡ ንዕኡ ዘገልግል ካልእ ሕግታት ስለ ዘሎ ብዛዕብኡ ዝበለጸ ሓበሬታ ካብ CSN ክርከብ ይከኣል።

ዕዳ ምኽፋል ካብ ምጅማር ጠጠው ንኽተብል ዝፍቀደልካ፡ በብዓመቱ እናኣመልከትካ እዩ።

## ዕዳ ክትመሓር ይከኣልዶ?

ሲ.ኤስ.ኤን (CSN) ሓደ ተለቃሒ ኣብ ዝተናውሐ ጊዜ፣ ዕዳ ንምኽፋል ዓቕሚ የብሉን ኢሉ ንዝገምገሞ ሰብ፣ ዕዳ ካብ ምኽፋል ክምሕሮ ይኽእል።

ሞት ምስ ዘጋጥም፣ እቲ ዕዳ ብቕጥታ ይስረዝ።

## ሓበሬታ ኣብ ኢንተርነት

ሓበሬታ ብዛዕባ ልቓሕ ገዛ ኣብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ኢንተርነት ክትረክብ ትኽእል። www.csn.se.

## ምቕያር ኣድራሻ

ኣብ ሃገር ሽወደን ኣድራሻኻ ምስ ትቕይር፡ ናብ ህዝባዊ መዝገብ ከተመልክት ይግብኣካ። ንቤት ጽሕፈት CSN ውን እንተሓበርካ ጽቡቕ እዩ።

ኣብ ወጻኢ ሃገር እናተቐመጥካ ኣድራሻኻ ምስ እትቕይር ግን፡ ብቐጥታ ናብ CSN ኣድራሻኻ ከተመልክት ግዴታ ኣሎካ።

## ተወሳኺ ሓበሬታ

ብተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ትደሊ፡ ምስዚ ኣብ ታሕቲ ዚውሃብ ዘሎ ኣድራሻ ርክብ ግበር።


CSN<br>
Hemutrustningslån<br>
851 82 SUNDSVALL<br>
ቁጽሪ ተሌፎን 0771-276 100<br>
ዝድወለሉ ሰዓታት 9.00–12.00<br>
ቁጽሪ ቴሌፋክስ 060-18 60 06<br>
E-post: hemutrustningslan@csn.se<br>
ሓበሬታ ኣብ ኢንተርነት www.csn.se



እዚ ናይ ጽሑፍ ሓበሬታ እዚ፡ ናብ ቋንቋታት ኣልባንያ፡ ዓረብ፡ እንግሊዝ፡ ፈረንሳ፡ ሰሜን ኩርዲስታን፡ ፐርሽያ፡ ሮማኒ፡ ሩማንያ፡ ሩስያ፡ ኤስኮቤ፡ ሶማልያ፡ ስፓኛ፡ ደቡብ ኩርዲስታን፡ ትግርኛ፡ ቱርኪ፡ ቬትናምን ባዲናኒን ተተርጊሙ ይርከብ። ብሓላፍነት ናይ ሴማንቲክስ ኩባንያ ዝተዳለወ።